እንተድኣ ጽቡቕ ይስምዓኩም ኣሎ ኾይኑ ናብቲ ተረኛ ዶክተር ወይ ናይ ዶክተር መጥባሕቲ ኣይትደውሉ።

ብዛዕባ ኮረናቫይረስ ዝኾኑ ሕቶታት ኣለውኹም ድዩም፧ ኣብዞም ዝስዕቡ ብምብጻሕ ኣንብቡ www.randaberg.kommune.no/korona, www.fhi.no (እቲ መርበብ ሓበሬታ ናይቲ ኖርወያዊ ትካል ህዝባዊ ጥዕና) ከምኡ'ውን www.helsedirektoratet.no (ንኹሉ ሰብ ዝምልከቱ ሕግታት ዘቕርብ)።

ከምኡ እውን ናብቶም ናይ ኮረናቫይረስ ህጹጽ መስመር ተሌፎናት ብቁጽሪ ተሌፎን 51 91 40 30 (ከባብያዊ) ወይ 815 55 015 (ሃገራዊ) ክትድውሉ ትኽእሉ። እዞም መስመራት ተሌፎን እዚኦም ኣብ ሰኑስ-ዓርቢ ካብ 09:00 ክሳብ 18:00 ከምኡ ድማ ኣብ ቀዳምን ሰንበትን ካብ 10:00 ክሳብ 16:00 ክፉታት እዮም።

እንተድኣ ተለኺፍኩም ክትኮኑ ተኽእሎ ኣሎ ኾይኑ፡ ናብ ናይቲ ተረኛ ናይ ኮረናቫይረስ ዶክተር መስመር ተሌፎን ብቁጽሪ ተሌፎን 51 91 40 30 ደውሉ። ንሳቶም ነቲ ኩነታት ክግምግምዎ ከምኡ እውን መርመራን ኣብ ገዛ ምውሻብን ዘድልየኩም እንተኾይኑ ክውስኑ እዮም። እዚ መስመር ተሌፎን እዚ መዓልታዊ ካብ 09:00 ክሳብ 22:00 ክፉት እዩ።

እንተድኣ ከምትውሸቡ ተግይርኩም ብኽብረትኩም ካብ ገዛ ኣይትውጽኡ። ናብ ድኳናት ወይ ናብ ካልእ ብቐሊሉ ምስ ሰባት ክትራከብሉ ትኽእሉ ቦታ ኣይትኺዱ።

እንተድኣ ሕማቕ ይስምዓኩም ኣሎ ኾይኑ፡ ቅድሚ ምጻእኩም ናብ ናይቲ ዶክተር መጥባሕቲ ደውሉ ከምኡ ድማ ቅድሚ ምምጻእኩም ናብቲ ተረኛ ዶክተር ብቁጽሪ ተሌፎን 116 117 ደውሉ።

ኣእዳውኩም ኣዐሪኹም ብሳሙና ተሓጸቡ፡ ብቐጥታ ናብ ካልኦት ሰባት ገጽኩም ኣይትስዓሉ ወይ ህንጥሸው ኣይትበሉ ከምኡ ድማ ናብ ልስሉስ ወረቐት (ሶፍት) ስዓሉ/ህንጥሸው በሉ (ንእኡ ብድሕሪኡ ጎሓፍዎ) ወይ ናብ ውሽጢ ናይ ኲርናዕ-ኢድኩም ሰዓሉ/ህንጥሸው በሉ።

ብዝተኻእለ መጠን ናይ ኢድ ምጭብባጥ፡ ምስዓምን ምሕቛፍን ኣወግዱ፡ ምኽንያቱ እዚ ነቲ ምትሕልላፍ ናይቲ ረኽሲ ከጉድል ስለዝኽእል።